## ኣየኖት ውድባት ክሕግዛኒ ይኽእላ?

### ቫይሊኽ ትሃውስ

– ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ግህሰት ሕጻናት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ምኽሪን ደገፍን ንምርካብ

- መርበብ-ሓበሬታ፣ veiligthuis.nl
- ተሌፎን፡- 0800 - 2000

### ማእከል ጾታዊ ዓመጽ

– ጾታዊ ዓመጽ ምስ ዘጋጥም

- መርበብ-ሓበሬታ፣ centrumseksueelgeweld.nl (ብቋንቋ ኔዘርላንድን እንግሊዝን
- ተሌፎን፡- 0800 – 0188 (ብነጻን ስም ብዘይምግላጽን)

### ሓገዝ ግዳያት ኔዘርላንድ

– ዝኾነ ዓይነት ዓመጽ ወይ ጎነጽ ምስ ዘጋጥም

- መርበብ-ሓበሬታ፡- slachtofferhulp.nl (ብቋንቋ ኔዘርላንድን እንግሊዝን) ወይ verbreekdestilte.nl
- ተሌፎን፡- 0900 – 0101 of 088 - 746 00 00 (ano-niem)

### ሓካይም ዓለም

– ብዛዕባ ጥዕና ሕቶታት ምስ ዝህልወኪ/ካ (ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ ዘጠቓልል) ወይ ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ግቡእ ክንክን ብኸመይ ከም ዝርከብ ምኽሪ ንምርካብ

- መርበብ-ሓበሬታ: doktersvandewereld.org (ብቋንቋ ኔዘርላንድን እንግሊዝን)
- ተሌፎን፡: 06-30261611

### ዛንዙ

– ብቋንቋኺ/ኻ ሓበሬታ ንምርካብ

- መርበብ-ሓበሬታ፡- zanzu.nl

ነዞም ኣድራሻታት ብኢንተርነት ንምርኣይ ነቲ QR-ኮድ ስካን ግበሩ

## ብዛዕባና

ፕሮጀክት SAMEN፣ ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባት ስደተኛታት ከም ዝዝተየሉ ይገብር፣ ከምኡ እውን ንሓደስቲ መጻእቲ ኣብ ኔዘርላንድ ዝሰማምዖም ሓገዝ ናብ ዝረኽብሉ ይመርሖም። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዝርከብ QR-ኮድ ስካን ብምግባር ብዛዕባ ፕሮጀክት SAMEN ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

SAMEN ካብ ዕለት 01-09-2022 ክሳብ ዕለት 31-08-2024 ኣብ ኣምስተርዳም [Amsterdam]፣ ኣርንሄም [Arnhem]፣ ደን ሃኽ [Den Haag]፣ ናይመኸን [Nijmegen]፣ ኡትረኽትን [Utrecht] ሮተርዳምን [Rotterdam] ንጡፍ እዩ።

IOM UN MIGRATION | THE NETHERLANDS

DOKTERS VAN DE WERELD

Co-funded by the European Union

Ministry of Education, Culture and Science of the Netherlands

Gemeente Rotterdam

SAMEN



# ሓበሬታ ብዛዕባ ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ(SGGG)

# ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ (SGGG) እንታይ እዩ?

‘ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ’ ብብዝሒ ንዘጋጥሙ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓመጽ ዝገልጽ ቃል እዩ።

ጾታዊ ዓመጽ ሓደ ሰብ ንኽፍጽሞ፣ ክገብሮ ወይ ብዓይኑ ንኽርእዮ ዝግደደሉ ኹሉ ዓይነት ጾታዊ ተግባራት ዘጠቓልል እዩ፣ ስለዚ ድማ እዚ ሓድሕዳዊ ስምምዕ ዘይተገብረሉ ብኣስገዳድ ዝግበር እዩ።

ጾታ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰባት ኣብ ጾታ፣ ጾታዊ መንነት፣ ጾታዊ መግለጺ ወይ ጾታዊ ዝንባለ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ሓደ ሰብ መን ምዃኑ መሰረት ዝገበረ ዓመጽ እዩ። እዚ ዓይነት ዓመጽ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝገሃድ ኮይኑ፣ ብኢንተርነት እውን ክካየድ ይኽእል እዩ።

- **ኣካላዊ:- ምህራም፣ ብእግሪ ምቕላዕ፣ ብጸጉሪ ምምንጫጭ**
- **ጾታዊ:- ጾታዊ ርእይቶታት፣ ጾታዊ መጥቃዕቲ፣ ብዓመጽ ምግሳስ**
- **ምምንዛዕ መሰላት/ኣገልግሎታት:- ናብ ሓኪም ክትከይድ፣ ወይ ክትሰርሕ ወይ ክትመሃር ዘይምፍቃድ**
- **ፋይናንሳዊ:- ፋይናንሳዊ ምዝመዛ፣ ደሞዝ ንኽተረክብ ምስግዳድ**
- **ስነ-ኣእምሮኣዊ:- ምዝላፍ፣ ምፍርራሕ፣ ምንዋር**

**ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ከጋጥም ይኽእል እዩ፣ ይኹን እምበር ብፍጹም ብሰንኪ ናትኪ/ካ በደል ኣይኮነን!**



## እንታይ ሳዕቤናት ኣለዎ?

ዓመጽ ኣብ ስምዒት ናይ ሓደ ሰብ ከቢድ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። እቶም ሳዕቤናት ድሕሪ እቲ ዓመጽ ብቕጽበት ክረኣዩን ንነዊሕ እዋን ክጸንሑን ድማ ይኽእሉ። ነፍስወከፍ ሰብ ንዝበጽሖ ዓመጽ ዝህቦ ግብረ-መልሲ ዝተፈላለየ እዩ፣ ይኹን እምበር እዞም ዝስዕቡ ገለ ኣብነታት ናይ ዘጋጥሙ ሳዕቤናት እዮም:-

- ናይ በደል ስምዒት
- ሕፍረት
- ራዕዲ
- ቁጥዐ
- ጭንቀት
- ጓሂ
- ጽምዋ
- ናይ ኣተኩሮ ጸገማት
- ጸገማት ድቃስ
- ቃንዛ
- እቲ ዓመጽ ብተደጋጋሚ ኣብ ኣእምሮኻ ይመላለሰካ
- ኣብ ሰባት ዘለካ ምትእምማን ናይ ምጕዳል ጸገማት

**ኩሉ ግዜ ሓገዝ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ፣ ዋላ እቲ ዓመጽ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዘጋጠመኪ/ካ እውን እንተኾነ።**

## እንታይ ክትገብሪ ትኽእሊ/ል?

ብዛዕባ እቲ ዓመጽ ምዝራብ ከቢድ እኳ እንተኾነ ክሕግዝ ግን ይኽእል እዩ።

ኣብ ኔዘርላንድ ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ (SGGG)
ንዘጋጠሞም ሰባት ደገፍን ክንክንን ዝህባ ብዙሓት ውድባት ኣለዋ። ንዘጋጠመኪ/ካ ታሪኽ ይሰምዑኺ/ካ፣ ምኽሪ ክህቡ ወይ ናብ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ክመርሑኺ/ካ ይኽእሉ። እቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ንዝነገርኪ/ካ ታሪኽ ብዘይ ፍቓድኪ/ካ ፈጺሙ ንኻልእ
ከካፍል ድማ ኣይክእልን እዩ።

ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ክሓትት ይኽእል እዩ። ጾታኺ/ኻ እንታይ ምዃኑ፣ ንመን ትፈቱው፣ ካበይ ከም ዝመጻእኪ/ካ፣ ሃይማኖትኪ/ካ እንታይ ምዃኑ፣ ወይ መድሕን ጥዕና ዘለካ/ኪ ምዃኑን ዘይምዃኑን ብዘየገድስ። ዋላ እቲ ዓመጽ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዘጋጠመኪ/ካ እውን እንተኾነ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል እዩ።



**ነፍስወከፍ ሰብ፣ ነፍስወከፍ ሰብ** ግዳይ ናይ ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ (SGGG) ክኸውን ይኽእል እዩ።

ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ **ብፍጹም ብፍጹም** ብሰንኪ በደል ናይ ግዳይ ኣይኮነን።

**ጾታዊ ወይ ጾታ መሰረት ዝገበረን ዓመጽ (SGGG)** ኩሉ ግዜ ዘይቕቡል ተግባር እዩ።

ኩሉ ግዜ **ሓገዝ** ምሕታት ይከኣል እዩ።